## ቃል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
## ኣብ መበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ

**ዝኸበርካ ኣቦ መንበር፡**
**ክቡራት ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡**

**ዕዉት መበል 23 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኪኸውን ብሓደ ወገን፡ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዓወት ምዝዛሙ ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ድማ፡ ብካልእ ወገን፡ ብስም ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ እገልጽን ዮሃና እብለኩምን። ምስረታ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕድሪ ናይቶም ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝተሰውኡን፡ ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራን፡ ክዉን ንምግባር ይካየድ ንዘሎ ቃልሲ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ ምኻኑ ሰዲኤ ዘይጠራጠረሉ እምነት ምኻኑ'ውን፡ በዚ ኣጋጣሚ ደጊመ እገልጽ።**



(ብጸይ መስፍን ሓጐስ ኣብ መበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ፍራንክፎርት)

**ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፡ ንርእሱ ኣፍሪሱ (dissolve ጌሩ)፡ ምስ ካልኦት ምስ ናቱ ራእዩን ዕላማታትን ዝመሳሰል ዘለዎም ኤርትራውያን ውድባት፡ ጉጅለታትን፡ ውልቀ-ሰባትን፡ ሰፊሕ ኣሳታፍነት ዘለዎ ሰልፊ ክምስርት ምውሳኑን፡ ነዚ ውሳነ'ዚ ኣብ ግብሪ ምትርጓሙን፡ ተበጺሑ ዘሎ መድረኽ ዝጠልቦ፡ ርሑቕ ዝጠመተን፡ ልቦናዊን ውሳነ ኢዩ ኢሉ ይኣምን። ውሳነኹምን ወሲድኩሞ ዘሎኹም ስጉምቲታትን፡ ንኩሉ ደላይ ለውጢ ዝኾነ ኤርትራዊ፡ ኣውራ ድማ ንውድባት ተቓውሞ፡ መተሓሳሰቢን መበራበሪን ደወል ኮይኑ ከገልግል ከኣ እምነተይ ኢዩ። ምስረታ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተጀሚሩ ንዘሎ፡ ናብ ምጥርናፍ ዝዓለመ መስርሕ ምቅርራብ እውን፡ ክሕይልን ክቀላጠፍን ኣገዳሲ ረቛሒ ኢዩ።**

**ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ነቲ ምስ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ጀሚሩዎ ዝጸንሐ ምቅርራብ፡ ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኮይኑ፡ ናብ ብሓባር ነማዕድዎን ንብህጎን ደረጃ፡ ደረጃ ፖለቲካዊን ኣካላዊን ሓድነት፡ ንምብጻሕ ከይተሓለለ ክጽዕረሉ ኢዩ። ሰልፊ ህዝቢ፡ ንጉዳይ ዝምድና ክልቲኡ ሰልፊታት ኣመልኪቱ ዘሕለፎ ውሳነ፡ ዝግብኦ ሚዛን ከም ዝሃቦ ዝሕብር ኢዩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ዝተበጽሐ ምርድዳእን፡ ቀጺሉ ኣብ መንጎ ጠቕላሊ ኣባላቶም (መሰረታቶም) ዝተኻየዱ ምልውዋጥ ሓሳባትን ዘተታን፡ ጭቡጥን ቅልጡፍን ናይ ሓባር ስጉምቲ ክውሰድ ዘተባብዑ ኢዮም።**

**ደጊም፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ዝተርፉና እንተልዮም፡ ብሓባር ዝተለምናዮ መደባት ናብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ንጥቀመሎም ናይ ትግባረ ኣገባባት ምፍጣር ኢዩ። ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ብክንክንን ጥንቃቐን ክትሓዝ ዘለዎ ግን፡ ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ይኹን ካብ ሕጂ ንድሓር ዝምዝገብ ኣወንታዊ ውጽኢታት ምዕቃቡን ምሕያሉን ኢዩ። ካብ ብሓባር ተበጊስካ ብዙሕ ከይሰጎምካ ምቑጻይን ንድሕሪት ምምላስን ዝኸፍእ የለን። ካብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ኣብ መንጎ ውድባት ኤርትራ ዘጋጠመ ተመክሮታት፡ ብሓደ ንቕድሚት፡ ክልተ ሰለስተ ድማ ንድሕሪት**

ምስጓም ዝተመልአ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ከብቅዕ ኣለዎ። እዚ ክረጋገጽ ግን፡ ሓባራዊ ድሌትን ጻዕርን ይሓትት።

ምቅርራብ ይኹን ምጥርናፍ፡ ብክልቲኡ ሰልፊታት ጀሚሩ ኣብኡም ከብቅዕ ኣለዎ ዝብል እምነት ይኹን ድሌት የብልናን። ኣብ ኤርትራ ብዝሓ ፖለቲካዊ ስርዓት ምትካል ዘሎና ዕላማ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ኣብ ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ተቓዋሚ ሓይሊታት፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምምጻእ ካብ ሓደ መድረኽ ንከይቃለስ ዝዓግት ምኽኑይ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣሎ ዝብል እምነት ይኹን ፍልጠት የለን። ኩልና ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባት፡ ኣብ ትሕቲ ሓደን ሰፊሕን ጽላል ውድብ ኮንና (ከም ህሉው ኤዲኪ) ብምቅላስ ንህሉው ስርዓት ምልጋስ፣ ድሕሪኡ'ውን፡ ብሰላማዊን ዲሞክራሲያዊን ኣገባብ፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ፍልልያት ቃልሲ ኪካየድ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ህዝቢ ድምጹን ምርጭኡን ሂቡ፡ ብውሳነ ህዝቢ ምቕያድ፡ ዝብል ናይ ሓባር እምነት ከም ዘሎና ብወግዓዊ ጽሑፋትናን መግለጺታትናን ንጠቕሶ ኢዩ። ብተግባር ከመይ ኣሎና ግን መግለጺ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ንብሎን ንገብሮን ገና ኣይሳነን ዘሎ። ነዚ ውዱእ መደምደምታ ክትገብረሉ ዘሰክፍ ይኹን'ምበር፡ ካብ ተመክሮና ዝመንጨወን፡ ኣብ ግጉይ ሓድሕዳዊ ኣረዳድኣን ኣተረጓጕማን ዝተሰረተን፡ ኪኸውን ይኽእል ዝብል ግምት (ገምጋም) ኣሎኒ። እዚውን ግዜኡ ዝሓለፎ ዝኣረገ ኣተሓሳስባን ግብሪን ስለ ዝኾነ፡ ከብቅዕ ዘለዎ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫልኩም፡ ፈላሚ ዓወት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ክዛዘም ዘሎኒ ምንዮት ደጊመ እናገለጽኩ፡ ደጊመ ዮሃና እብል።

የቐንየለይ